ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት ብዙሓት ህዝባውያን ኣኼባታትን ትምህርቲ ሓዘል ሰሚናራትን ንተሓባበርቲ ስደተኛታት ኣብ ጀርመን ክካየዱ ጸኒሖም እዮም። መብዛሕትኦም ንርእይቶን ድልየትን ራኢን እቶም ዝምልከቶም ስደተኛታት ብዘዕግብ ኣብ ግምት ዘእተወ ኣይነበረን። ከም ዝመስለና ግን ምትሕብባር ናብ ሓደ ኣቕጣጫ ዝጠመተ ጥራይ ክኸውን የብሉን። ብዓወት ሓደ ፍትሓዊ ሕብረተሰብ ንምትካል ኣብ እንቃለሰሉ፡ ኩላትና ዘለና ራኢታትን ተመኩሮታትን ክንለዋወጥን ካብ ነንሕድሕድና ክንመሃርን ኣገዳሲ እዩ።

ካብዚ ብምብጋስ ዕለት 14.04.2018 ኣብ ሃለ (ሳለ) ኣብ እነካይዶ ህዝባዊ ኣኼባ ንዘተ ክንዕድመኩም ዝሰምዓና ሓጎስ ወሰን የብሉን።

ኣብዚ ዕለት እዚ ከነተኩረላ ወሲና ዘለና ሃገር ኤርትራ እያ። 2017 ጥራይ ካብ 10.000 ንላዕሊ ኤትራውያን ኣብ ጀርመን ዑቕባ ሓቲቶም፡ ብዙሓት ካብኣቶም ድማ ኣብ ዞና ሳክሰን-ኣንሃልት ተመዲቦም። እዚኦም ሰባት ታሪኾም ክትንትኑሉ፡ ተመኩሮኦም ክሕብሩሉን ዝኽእሉሉ፡ ኮምኡውን ቅሱን ሂወት ኣብዚ ሕብረተሰብ ንምምራሕ ዘለዎም ራኢ ክገልጹሉ ዝኽእሉን መድረኽ ክንፈጥር ደስ ይብለና፡፡ ብተወሳኺ ነበርቲ ሳክሰን-ኣንሃልት ዝሳተፍዎን፡ ሓባራዊ ሕብረተሰብ ንምህናጽ ብወገኖም ዘለዎም ራኢ ዝገልጹሉ ኣጋጣሚ እዩ።

እዚ ኮንፈረንስ ንስደተኛን ዘይስደተኛን፡ ተሓጋገዝትን ዘይተሓጋገዝትን ማለተ ንኹሉ ሰብ ብማዕረ ክፉት እዩ።

**veranstaltet vom Flüchtlingsrat Sachsen-Anhalt**

**Flüchtlingsrat**
Sachsen-Anhalt e. V.

**ዕለት 14. ሚያዝያ 2018**
**ካብ ሰዓት 9:30 ስጋብ 16:30**

**ኣብ Martin-Luther-Universität**
**ኣዳራሽ፡ Hallischer Saal im Haus ‚Burse zur Tulpe'**
**Universitätsring 5; 06108 Halle (Saale)**




ተወሳኺ ሕቶታት ወይ ጠለበታት ወይ ውን ርእይቶታት ኣብ ዝስዕብ ቤት ጽሕፈት ንቕበል።


**Büro Halle (Saale)**

Kurallee 15 · 06114 Halle (Saale)
Anne Wedekind anne.wedekind@fluechtlingsrat-lsa.de
Georg Schütze georg.schuetze@fluechtlingsrat-lsa.de

Telefon: 0049 345 44 50 2521

**www.fluechtlingsrat-lsa.de**



ብምትሕብባር ምስ
Studierendenrat der Martin-Luther-Universität Halle-Wittenberg
eridac ERITREAN INITIATIVE FOR DIALOGUE AND COOPERATION E.V.

ብፋይናንሳዊ ረድኤት
PRO ASYL DER EINZELFALL ZÄHLT.
Robert Bosch Stiftung


# ህዝባዊ ዘተ – ካብ ረድኤት ናብ ምርድዳእ

**ዕለት 14 ሚያዝያ 2018**

**ካብ ሰዓት 9:30 ስጋብ 16:30**

**ኣብ Burse zur Tulpe,**
**ኣዳራሽ፡ Universitätsring 5,**
**06108 Halle (Saale)**


**Flüchtlingsrat**
Sachsen-Anhalt e. V.

# መደባት

ቋንቋ ሰሚናራት ኣብ ነናቱ ክሕበር እዩ

ሰዓት **9:30 |** **ኣጋይሽ ምቕባልን ሰላምታን**

---

ሰዓት **10:00 |** **ቀዳማይ ክፋል መደብ ሰሚናር**

### ሓደስቲ ምዕባሌታት ኣብ ሕጊ መሰል ዑቕባ [ጀርመን/ትግርኛ]

ንሕጊ መሰል ዑቕባ፡ መንበሪ ፈቓድን፡ መሰላት ማሕበራዊ ረድኤት ዝምልከቱ ሓደስቲ ምዕባሌታት ክሕበር እዩ። ብተወሳኺ ብዛዕባ ናብራን ሃለዋትን ኣብ ሳክሰን-ኣንሃልት ዝነብሩ ስደተኛታት ኮምኡ እውን ዘተኣማምን ኣብ ጀርመን መንበሪ ፈቓድ ወረቐትንን ዝምልከት መግለጺ ክህሉ እዩ። ሕቶታት ክትሓቱን ክንላዘብን ደስ እናበለና ንዘተ ንዕድመኩም።

### ተመኩሮታት ኣብ ጉዕዞ ስደትን፡ ሂወት ኣብ ጀርመንን (ትግርኛ)

ኣብዚ ሰሚናር እዚ ኤርትራውያን ስደተኛታት ተመኩሮታት ጉዕዞ ስደትን፡ ሂወት ኣብ ጀርመን ማለት ኣብ ሳክሰን-ኣንሃልት ዝምልከት ሓሳብ ክለዋወጡሉ ዝኽእሉሉ መደብ እዩ። ኣየኖት ተመሳሰልቲ ጸገማት ኣለዉ? ነየኖት ጸገማት ንምፍታሕ ምትሕብባር የድሊ? ምስ ካልኦት ትካላትን ማሕበራትን ክትተኣሳሰረሉ ዘኽእሉ ሜላታት ከመይ ይመስሉ?

### ካብ ረድኤት ናብ ምርድዳእ [ጀርመን፡ ትግርኛ]

ረድኤት ናብ ሓደ ወገን ዝጠመተን መብዛሕትኡ ግዜ'ውን ካብ ላዕሊ ናብ ታሕቲ ዝተሰርዐ ኮይኑ፡ ካብቶም ረድኤት ዘቕርቡ ናብ ረድኤት ዝቕበሉ ይኸውን። ምርድዳእ ምስ ዝኸውን ግን ንኽልቲኡ ወገናት የቀራርብን የተባብዕን። ኣብዚ ሰኒናር ጠመተ እንገብረሉ ሕቶታት፡ ብኸመይ ናብ ምርድዳእ ክብጻሕ ይከኣል፡ ብኸመይከ ንተሓጋገዝን ንረዳዳእን ዝብል እዩ። መልስታትን ፍታሕን ኣብ ሰሚናር ኮነ ኣብ ሓባራዊ መደምደሚ መግለጺ ክዝርዘሩን ክቐርቡን እዮም።

---

ሰዓት **12:30 |** **ዕርፍቲ ምሳሕ**

---

ሰ ዓት **13:30 |** **ካልኣይ ክፋል መደብ ሰሚናር**

### ስደት ካብ ኤርትራ [ጀርመን]

ዓመት ዓመት ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ሰባት ካብ ኤርትራ ናብ ጀርመን ይስደዱ። ብዛዕባ እዛ ቀርኒ ኣፍሪቃዊት ሃገር ብዙሕ ሓበሬታ የለን። በዚ ምኽንያት ሕጽር ዝበለ ዝርዝር ታሪኽ ኤርትራን ሓበሬታ ህሉው ኩነታትን ክቐርብ እዩ። ብተወሳኺ ክንሓቶ እንደልዮ ሕቶ እንተሎ፡ ስለምንታይ ኤርትራውያን ይስደዱ ኣለዉ? ግደ ሕቡራት መንግስቲታት ኣይሮጳ'ኸ እንታይ ይመስል ዝኣመልሰሉ ሕቶታት እዮም።

### ምትብባዕ ስደተኛታት ደቂ ኣንስትዮ [ጀርመን፡ ትግርኛ]

ጾታውን ዓሌታውን ገደባት ንስደተኛታት ደቂ ኣንስትዮ፡ ድርብ ዕንቅፋትን ግለላን ይኾንወን። ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ዘተኮሩ ዝተፈላለዩ ኣድህቦ ዘይረኸቡ መደባት ኣለዉ:: ኣብዚ ነተኩረሎም ነጥብታት፡ ደቂ ኣንስትዮ ንቕድሚት ንምምጻእን ንምትብባዕን እንታይ ይድሊ ዝብል ሕቶ እዩ።

### ‚ዕጡቓት ጀርመናውያን ተቐበልቲ ኣጋይሽን' ሲቪላዊ ሕብረተ-ሰብ ወጻእተኛታትን [ጀርመን፡ ትግርኛ]

ብወጻእተኛታት ዝተበገሱ ብዙሓት ንመሰላት ስደተኛታት መቃለሲ መደባት ኣለዉ። እንተኾነ ግን ድሕሪ 2015 እቲ ኣተኩሮ ንዕጡቓት ጀርመናውያን ተቐበልቲ ኣጋይሽ ኮይኑ፡ ንሳቶም መዋፈሪ ረድኤት ረኺቦም እዮም። ኣብዚ ሰሚናር እንዛተየሉ ሕቶ፡ እንተሎ፡ ንዝተፈላለየ ኣተኩሮ ረድኤትን ን‚ዕጡቓት ተሓባበርቲ ኣጋይሽ' ወጻእተኛታትን፡ ጀርመናውያን ዝርኢ እዩ። ነዚ ድማ መዋጽኦ ክነናድየሉ ንደሊ።

---

ሰዓት **16:00 |** **ውጽኢት ሰሚናራት ምቕራብ፡ ገምጋምን መደምደምታን**

---

ሰዓት **16:30 |** **ተፈጸመ**

### ምዝገባን ንተሳታፍነት

ስጋብ ዕለት **05.04.2018** በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተመዝገቡ።
**www.fluechtlingsrat-lsa.de/dialogkonferenz**

መጉዓዝያን ዕንቅፋታትን (ንስንኩላን)

እዚ ኮንፈረንስ ኣብ ኣዳራሽ Haus der Tulpe ኣብ „Universitätsplatz Halle" ክካየድ እዩ። ክት ጥቀሙሎም እትኽእሉ መጉዓዝያታት፡ Tram: 3, 7, 8, ወይ ውን 12 ተጠቒምኩም ኣብ Moritzburgring ውረዱ።

እቲ ክፍሊታት መብዛሕትኡ ዓንቃፊታት የብሉን። ትርጉም ጀርመን-ትግርኛ / ትግርኛ-ጀርመን ክህሉ እዩ። ተወሳኺ ትርጉም ምስ ዘድሊ ክንተሓባበር ንኽእል ኢና። ኣቐዲምኩም ሓብሩና። መእተዊ ክፍሊት የለን። ዝብላዕ ዝስተ ክህሉ እዩ።

## Each supporter counts!

**Support our work for refugees and migrants:**

As a member you support our continuous work with a membership fee and receive invitations to conferences and have voting rights in the general assembly. You can apply for your membership at our office. More information is available at our website or at the office.

If you want to support the refugee council by donating time and work you can also contact our office.

Make a one-time donation or support our work to improve the living situation of refugees with a regular donation:

**Account for donations:**

Flüchtlingsrat Sachsen-Anhalt e.V.
GLS-Bank
IBAN : DE41 4306 0967 1210 6435 00
BIC: GENODEM1GLS

**Donation receipts are available on demand.**